# ህጹጽ ሓበሬታ፡ Breaking News

ሎሚ ዕለት 19/11/2020 - ዝተረኽቡ -5- ሓበሬታት ከምዘረጋግጾ እቲ ዝርዝር ሓበሬታ ንህዝብና ነቕርብ ኣለና፡ ኢሰያስ ኣብ ዓዲ ሃሎ ዝነበረ ቤት ጽሕፈት ገዲፉ፡ ቕድሚ ሓደ ሰሙን ናብ ደንጎሎ ግዒዙ ቦታ ከምዝቐየረ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኢሰያስ ንኣዘዝቲ ሰራዊት ጸዊዑ፡ ኣብ እምባትካላ ናይ ሓደ መዓልቲ ኣኼባ ከምዘኻየደ ይፍለጥ። ኣብ'ዚ ኣኼባ ዝተሳተፉ ኩሎም ዝምልከቶም ጽፍሕታት ብማዕረ ኣይተሳተፉን። እቶም ንትእዛዙ ሰሚዖም ዝፍጽሙ ምሩጻት ሓለፍቲ ጥራይ ተሓርዮም ተጸዊዖም። ዕላማን ናይ ኢሰያስ ውዲትን ትሕዝቶ ኣኼባን ዝገልጽ ሓበሬታ ስለዘይተረኽበ በብዝለናዮ ተኸታቲልና ከነቓልዖ ናይ ኩልና ሓላፍነት ይኸውን።
ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ኣብ - 4 - መዓልታት ጥራይ ናብ ገምግም ቐይሕ ባሕሪ -6- ግዜ በረራ እናካየዳ ክመላለሳ ከምዝቐነያ ተረጋጊጹ። ዘይልሙድ በረራ ስለዝኾነ ዝተፈላለዩ ግምታት ዝወሃቦ ዋላ እንተኾነ እንታይ ዕላማ ከምዘለዎ ግና ኣይተፈልጠን።

ናይ ሕቡራት ኤምረይት (ዱባይ) ሓንቲ ዓባይ ናይ ውግእ መርከብን ሓይሊ ባሕሪን ዝርከቡዋ ኣብ ከባቢ ባጽዕ ተጸጊዓ ቐንያ። ብዕለት 17/ 11/ 2020 ኢሰያስ ምስ ክልተ መራሕቲ ሓይልታት ናይ ሓይሊ ባሕርን ሓይሊ ኣየርን ኮይኖም ናብታ ናይ ውግእ መርከብ በጺሖም -3- ሰዓታት ኣብታ መርከብ ከምዝጸንሑ ተፈሊጡ።
ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ስለዘይምልከተና ኢድና ከነእቱ ኣይግባእን ኢሎም ተቓዉሞ ዘስምዑ 43 - ማእከሎት ሓለፍቲ ምክልኻል ከምዝተኣሰሩ ተረጋጊጹ። -9- ካብኦም መራሕቲ ቦጦሎንታት እዮም። ካብ ዝበጽሓና ናይ 9 ሰባት ኣስማት ክንጠቕስ፡

ካብ ክፍለ ሰራዊት - 18 ፡ (1) ካፒተን ሃብቶም ተኽልዝጊ። (2) ካፒተን መሓሪ ዑቑባገብሪኤል (ወዲ ዑቑበ) (3) ተለንተ ግርማይ ሃይለ። (4) ሰርገንቲ ምሉእብርሃን ኪዳኑ።
ካብ ክፍለ ሰራዊት 17፡ (5) ካፒተን ሙሴ በራኺ፡ (6) ተለንተ ፍጹም ወልዳይ፡ (7) ተለንተ ተመስገን ሃይለሚኪኤል (ጆፋዕ) (8) ምክትል ተለንተ ግደይ ኣረፋይነ እዮም።
ካብ ህዝባዊ ሚልሽያ ( ዕቑር ሰራዊት) ዞባ ጋሽ ባርካ፡ (9) ገዲም ተጋዳላይ ገብረገርግሽ ሓደገ ዝርከቡዎም 13 ማኣከላይ መሪሕነት ተኣሲሮም ከምዘለዉ ተፈሊጡ።
ካብ ክፍለ ሰራዊት 22፡ ኣስማቶም ዘይበጽሓና ግና -8- ማእከላይ ጽፍሒ ከምዝተኣሰሩ ይፍለጥ።
ካብ ክፍለ ሰራዊት 11፡ -5- ማእከላይ ጽፍሒ ዘለዎም ሰባት ተሲሮም ኣለዉ ኣስማቶም ግና ኣይበጽሓናን።
ካብ ክፍለ ሰራዊ 13፡ ማእከላይ ጽፍሒ ዘለዎም -9- ሰባት ከምዝተኣሰሩ ተረጋጊጹ ኣሎ። ኣስማቶም ግና ኣይረኸብናን።

ክፍሊ ዜና ምንቅስቃስ መንእሰያት ኤርትራ ንደሞክራሲ(ምመኤደ)
ሕዳር 19/2020